ንመዋእል ህጻናት ድሉው ምኽን



STADT SCHAFFHAUSEN

ሰላምታን፣ ሌላ ምስ ኣብዚ ተረኺቦም ዘለዉ ሰባትን

- ሓላፊት ክፍሊ ፔዳጎጂን ምዕባለ ትምህርትን: Katharina Johner
- ሓለፍቲ ቤት ትምህርቲ ዙር 1፣
- መምህራን መዋእለ ህጻናት፣
- ክኢላታት ሰብ ሞያ መምሃራን መዋእል ህጻናት፣
- ቤት ጽሕፈት ትምህርቲ፣
- ቤት ጽሕፈት ክኢላ ቅድመ ህጻናት
- ማሕበራዊ ኣገልግሎት ትምህርቲ መዋእለ ህጻናት (SSA)፣
- ክንክን ቆልዑን መንእሰያትን፣
- ትምህርታዊ ምግምጋምን ምኽርን (SAB)
- ምዕባለን ቁጽጽርን ትምህርቲ (SEA)



STADT SCHAFFHAUSEN

ኣጠቃላሊ ሓበሬታ

- ስርዓተ ትምህርቲ ናይ ህዝባዊ ቤት ትምህርቲ
- ምክፍፋል ቆልዑ ናብ መዋእለ ህጻናት
- መንገዲ ቤት ትምህርቲ
- ዕለታዊ ህይወት ኣብ መዋእለ ህጻናትን ጸወታን
- ሰለዳ ውጥን፣ ናይ Joker መዓልታትን፣ ናይ ብኩራት መዓልታትን
- ሰብ ሞያ ኣብ መዋእለ ህጻናት
- ምድላው ንምጅማር መዋእለ ህጻናት
- ምምዝጋብ ኣብ መዋእለ ህጻናትን ቀጻሊሎም ዝስዕቡ ናይ ግዜ መደባትን
- ምትሕብባር ምስ ወለዲ
- ምድንጓይ ምጅማር ትምህርቲ / ድልውነት ትምህርቲ
- ሕቶታት ኣብ ጠረጴዛኹም



STADT SCHAFFHAUSEN

1. ስርዓተ ትምህርቲ ናይ ህዝባዊ ቤት ትምህርቲ






ምክፍፋል ቆልዑ ናብ መዋእለ ህጻናት



39 ክፍልታት መዋእለ ህጻናት ኣብ 22 ቦታታት መለክዒታት ንምክፍፋል ቆልዑ፡-

- መዋእለ ህጻናት ኣንተ ተኻኢሉ ኣብ ከባቢ መንበሪ ቤት ክኸውን
- ሚዛናዊ ምድላው ክፍልታት
  (ንኣብነት፡- ብዝሒ ተማሃሮ ኣብ ክፍሊ፣ ደቂ ተባዕትዮ/ደቂ ኣንስትዮ)
- ተቐባልነት ዘለዎ መንገዲ ትምህርቲ
  (ርሕቀት፣ ኩነታት መንገዲ፣ ሓደጋታት)
- ቆልዑ ጎረባብቲ ብተኽእሎ ኣብ **ሓደ መዋእለ ህጻናት** ይምደቡ
- ኣብ ግዜ **ምምዝጋብ መዋእለ ህጻናት** ድሌታትኩም ክትገልጹ ትኽእሉ

መንገዲ ቤት ትምህርቲ



- ቆልዑ ናብ ቤት ትምህርቲ ዝወስዶም መንገዲ በይኖምን ብእግሮምን ክጎዓዙ ይግባእ።
- ናብ ቤት ትምህርቲ ዝወስድ መንገዲ ንቆልዓ ይምህሮን ኣብ ምዕባለ ቶም ቆልዑ ድማ ኣገዳሲ እዩ። ስለዚ ቆልዑ ብመኪና ናብ መዋእለ ህጻናት (Kindergarten) ኣይተምጽእዎም።
- ቅድሚ ምጅማር መዋእለ ህጻናት፣ እቲ መንገዲ ምስ ውላድኩም ብተደጋጋሚ ተለማመዱ፣ እዚ

  ድማ ብቕልጡፍ በይኑ ወይ ምስ ቆልዑ ጎረባብቲ ናብ መዋእል ህጻናት Kindergarten ክኸይድ

  ክኽእል ይሕግዞ።
- ኩሉ ግዜ እቲ ዝያዳ ውሑስ መንገዲ ናብ መዋእል ህጻናት Kindergarten ምረጹ፣ እቲ ዝሓጸረ ወይ ዝቕልጠፈ መንገዲ ኣይኮነን።
- ፖሊስ ትራፊክ ምስ ቆልዑ መዋእል ህጻናት Kindergarten ምስግጋር መንገዲ የለማምድዎም።
- መንገዲ ቤት ትምህርቲ ኣብ ትሕቲ ሓላፍነት ወለዲ እዩ።

STADT SCHAFFHAUSEN

ዕለታዊ ህይወት ኣብ መዋእለ ህጻናትን ጸወታን

ኣብ መዋእል ህጻናት ቆልዑ ብጸወታዊ መንገዲ እዩ እቲ ትምህርቲ ዝውሰድ።
እቲ ኣብ መዋእል ህጻናት ዝካየድ ጸወታን ትምህርትን ኣብ **Lehrplan 21**
ዝተመርኮሰ ኮይኑ፣ ነዞም ዝስዕቡ ክፍልታት ትምህርቲ የጠቓልል :

- ቋንቋ
- ሕሳብ
- ተፈጥሮ፣ ሰብን ሕብረተሰብን (NMG)
- ሙዚቃን ምንቅስቃስን፣ ደርፍታትን ግጥምታትን
- ፈጠራውነት
- ሙዚቃ
- ምንቅስቃስን ስፖርትን



ኣብ ማዋእል ህጻናት ናይ ውልቂ ትምህርቲ („**ነጻ ጸወታ**“) ኣሎ፣ ከምኡ ድማ ብሓባር ዝካየዱ ናይ ትምህርቲ ንጥፈታት ኣለዉ።

STADT SCHAFFHAUSEN

ሰለዳ ውጥን

- ግደታዊ ናይ ትምህርቲ ሰዓታት: ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ፣ ካብ ሰዓት 8:40 ክሳብ 11:50
- ተለዋዋጢ ናይ ትምህርቲ ሰዓታት| መዓልታዊ፣ ካብ ሰዓት 8:20 ክሳብ 8:40
  ወለንታዊ ግዜ:

ኣብ ቀዳማይ ዓመት መዋእል ህጻናት ናይ ቅድሚ ቀትሪ ትምህርቲ።.



ኣብ **2ይ ዓመት መዋእል ህጻናት** ተወሳኺ ትምህርቲ ድማ ሰሉስን ሓሙስን ድሕሪ ቀትሪ፣ ካብ **13:35 ክሳብ 15:30** ይካየድ።



STADT SCHAFFHAUSEN

ናይ Joker መዓልታትን፣ ናይ ብኩራት መዓልታትን



ናይ Joker መዓልታት

- 1. ናይ መዋእል ህጻናት 20 ፍርቂ መዓልታት
- 2. ናይ መዋእል ህጻናት 10 ፍርቂ መዓልታት

ብኩራት

- ኣብ ግዜ ሕማም ወይ ናይ ሓኪም ቆጸራ ኣብ ዝህልወና፣
  ቆልዑ ትምህርቲ ክመጹ
  ከም ዘይክእሉ ብእዋኑ ንመምህር መዋእል ህጻናት ሓብሩ።
  (ብመገዲ Klapp-APP, ብኢመይል ወይ ብተለፎን)።

ሰብ ሞያ ኣብ መዋእለ ህጻናት

ናይ ቤት ትምህርቲ ሃይልፐታጎግ (SHP)

– ናይ ቤት ትምህርቲ ሃይልፐታጎግ ቆልዑ ኣብ ዝተፈላለዩ ናይ ምዕባለ ዝምልከቱ ክፍልታት ትምህርቲ ክምዕብሉ ይድግፉን ይሕግዙን።.



ጀርመንኛ ከም ካልኣይ ቋንቋ (DaZ)

– ቆልዑ ኣብ ግዜ ትምህርቲ ብመምህራን DaZ ብቋንቋ ጀርመን ይምሃሩ።

ተወሰኽቲ ናይ ሞያ ኣገልግሎታት

– Logopädie፣ ናይ ልሳን መምህር
– Psychomotorik፣ ሓገዝ ኣብ ምዕባለ ምንቅስቃን ሞቶር ክእለትን ዘተኮረ
– Schulische Abklärung und Beratung (SAB) ናይ ቤት ትምህርቲ መርማርን ኣማኻርን ቤትጽሕፈት
– Schulsozialarbeit Kindergarten (SSA)፣ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ቤት ትምህርቲ

STADT SCHAFFHAUSEN

ምድላው ንምጅማር መዋእለ ህጻናት

- ንውላድኩም ኣብ ርእሰ-ምርኮሳ ደግፍዎ/ኣተባብዕዎ
  - በይኑ ክኽደን፣ ናብ ሽንቲ ቤት ክኸይድ (ብዘይ ፓምፐር !)፣ ኢዱ ክሓጸብ፣ ወዘተ.
- ውላድኩም ምስ ካልኦት ቆልዑ ተመኩሮ ክቕስም፣ ምስ ካልኦት ቆልዑ ብሓባር ክጻወት ሓደግዎ።
- ንውላድኩም ምስ ካልኦት ኣብ ህይወቱ ዝሳተፉ ሰባት (ኣቦሓጎ/ዓባይ፣ ናይ ምጽዋት ጉጅለ) ተመኩሮ ንኽቕስም ዕድል ሃብዎ።
- ምስ ውላድኩም ብብዝሒ ተዛረቡ፣ ዛንታታት ንገርዎ።
- ምስ ውላድኩም ተጻወቱ፣ ምስ ዝተፈላለዩ ናይ ምጽዋት ኣገባባት (ንኣብነት ናይ ዳይስ Würfelspiel ጸወታታት) ኣላልይዎ።
- ካብ ወለዲ ምፍልላይ ተለማመዱ (ልምምድ ግበሩ)።
- መዘኻኸሪ: ፕሮጀክት STARTKLAR!

→ ጸቡቅ ምድላው ንመዋእል ህጻናት ኣብ ገዛ፣ ንውላድኩም ኣብ ማዋእል ህጻናት ብቐሊሉን ብምቹእን ክጅምር ይሕግዞ።

STADT SCHAFFHAUSEN

ውላደይ ኣብ መዋእል ህጻናት እንታይ የድልዮ፤



- ናይ መዋእል ህጻናት ቦርሳ ወይ ንእሽቶይ ተሓንጋጣይ ቦርሳ
- ዕጹው ናይ ገዛ ሳእኒ
- ናይ ጠዓሞት መትሕዚ ጥዕናዊ መግቢ ዝሓዘት
- ውላድኩም ነቲ ናይ መዋእል ህጻናት ቁልፊ (ባንድ) ካብ መምህር መዋእል ህጻናት ክቕበል እዩ።
- ተወሳኺ ሓበሬታ ብቑጥታ ካብ መምህር መዋእል ህጻናት ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም።







Ablauf Kindergartenstart im Überblick መስርሕ ምጅማር መዋእል ህጻናት ብሓፈሻ

ወለዲ መመዝገቢ መዋእል ህጻናት ይቅበሉ → ክሳብ ወርሒ 12 ታሕሳስ መሊኦም የረክብዎ

November

ወላድካ ትምህርቲ ከይከይድ ናይ ምጽናሕ ደብዳቤ ናብ ክፍሊ ቤት\ትምህርቲ ምስዳድ

Februar

ናይ ክፍሊ ምክፍፋል ኣብ መዋእል ህጻናት → ሓበሬታ ናብ ወለዲ

April

ናይ ምፍታን መዓልቲ ኣብ መዋእል ህጻናት

Juni


መዋእል ህጻናት ዝጅምረሉ


August

STADT SCHAFFHAUSEN

ምምዝጋብ መዋእል ህጻናት

ኣብ ግዜ ምዝገባ መዋእል ህጻናት፣ ወለዲ ናይ ውላድኩም ናይ ቋንቋ ጀርመንኛ ፍልጠት ብትኽክል ከተመልክቱ ኣገዳሲ እዩ። እዚ ድማ ንውላድኩም ዘድልዮ ተወሳኺ ደገፍን ትምህርትን ክወሃቦ ይሕግዝ።


Anmeldung Kindergarten Schuljahr 2025/26


Deutschkenntnisse

Versteht Ihr Kind Deutsch? ☐ ja, gut ☐ genügend ☐ ein wenig ☐ nein, kaum (*)

Spricht Ihr Kind Deutsch? ☐ ja, gut ☐ genügend ☐ ein wenig ☐ nein, kaum (*)

(*) Ihr Kind hat Anspruch auf Deutsch-Lektionen

ሓበሬታ:

- ኣብ መጀምርታ ዓመት ዝግበር ናይ) ሰፈቋንቋ) ደረጃ መግምገማ
- ካብ ክፍሊ ኣገልግሎት መጀመርታ ቁልዕነት (Fachstelle Frühe Kindheit) ዝመጽእ ደብዳቤ፣ ምስ QR-Code ዘለዎ ናይ ኦንላይን መሕተቲ።.
- ኣገዳሲ፡- ንምድላውን ምምዳብን ትምህርቲ DaZ!

STADT SCHAFFHAUSEN

ምትሕብባር ምስ ወለዲ

- ወለዲ ኣገደስቲ ኣካል ናይ ቤት ትምህርቲ እዮም። ጽቡቕ ምትሕብባር ኣብ መንጎ ወለዲን ቤት ትምህርትን ንጽቡቕ ናይ ትምህርቲ ጉዕዞ ቆልዑ ኣገዳሲ ቅድመ-ኩነት እዩ።.
- ናይ ወለዲ መደባትን ግደታዊ ዝኾኑ ዝርርባት ወለዲ ምስ መምሃራንን ይካየዱ። ኣብዞም ቆጸራታት ብእዋኑ ተሳተፉ።
- ካብዞም ዝተጠቕሱ ዝርርባት ወጻኢ ሕቶታት እንተሃልዮምኩም፣ መምህራን መዋእል ህጻናት ክሕግዙኹም ድሉዋት እዮም።.
- ብጽሑፍ ዝግበር ምልውዋጥ ሓበሬታ ብመንገዲ እታ «Klapp» እትበሃል ናይ ርክብ መተግበሪ ኣፕሊከሽን ይካየድ።



ምድንጓይ ምጅማር ትምህርቲ / ድልውነት ትምህርቲ

- ክሳብ መወዳእታ ወርሒ ለካቲት፣ ምኽንያታዊ ዝኾነ ምልክታ ናይ ምድንጓይ ምጅማር ትምህርቲ ናብ ቤት ጽሕፈት ትምህርቲ (Schulamt) ክቐርብ ኣለዎ።
- ናይ ምድንጓይ ሕቶ ሓንሳብ ጥራይ ክቐርብ ይከኣል። ኣብ ዝመጽእ ዓመት ግን እቲ ቆልዓ መዋእል ህጻናት ክጅምር ኣለዎ።
- ከም ወለዲ ውላደኩም ንመዋእል ህጻናት ድሉው ድዩ ኣይድሉውን እንተዘየረጋጊጽኩም፣ ሓኪም ናይ ደቅኹም (Kinderarzt/Kinderärztin) ብዛዕባ እዚ ጉዳይ ምኽሪ ክህቡኹም ይኽእሉ።
- ኣብ መኣ" ኗምስጓግ/ምፅራር ናብ ካልእ ዓመት" ምኽሪ



STADT SCHAFFHAUSEN

ሕቶታትን ምኽሪን ኣብ ጠረጴዛ

ጠረጴዛ 1: ምክፍፋል ቆልዑ ናብ መዋእል ሕጻናት ብቤት ጽሕፈት ትምህርቲ (Schulamt)
ጠረጴዛ 2: ምድንጓይ ምጅማር ትምህርቲ፣ ሓለፊ ቤትትምህርቲ (Schulleitung)
ጠረጴዛ 3: ናይ ቤት ትምህርቲ መርማርን ኣማኻርን ቤትጽሕፈት (SAB)
ጠረጴዛ 4: ክፍሊ ኣገልግሎት መጀመርታ ቁልዕነት
ጠረጴዛ 5: ተወሳኺ ኣገልግሎት ክንክን ተማሃሮ (Hort)ን ናይ ምሳሕ ግዜን (Mittagstische)
ጠረጴዛ 6: ጀርመንኛ ከም ካልኣይ ቋንቋ (DaZ)
ጠረጴዛ 7: ናይ ቤት ትምህርቲ ሃይልፐታጎግ (SHP)
ጠረጴዛ 8: ምጅማር መዋእል ህጻናት
ጠረጴዛ 9: ዕለታዊ ህይወት ኣብ መዋእለ ህጻናት
ጠረጴዛ 10: ፕሮጀክት (ዕማም) Startklar!
ጠረጴዛ 11: ማሕበራዊ ኣገልግሎት ቤት ትምህርቲ (SSA)



STADT SCHAFFHAUSEN

ንኹሎም ቆልዑን ንዓኻትኩምን፣ ጽቡቅ ምጅማር መዋእል ህጻናት ንምነየልኩም!



ክፍሊ ትምህርቲ
Vorstadt 43
CH-8200 Schaffhausen
Tel. +41 52 632 53 35
schulamt@stsh.ch

ጥቅምቲ 2026

STADT SCHAFFHAUSEN